# ቅድስት ስድራ

## ሰንበት ዘናዝሬት 2003 ዓ.ም. (ጥሪ16 2011)

**መዝሙር፣ ንጉሥኪ ጽዮን. . . . . . ።**

**ንባባት፣ ሮሜ. 15፣1-14፥ 1ዮሓ. 4፣14-ፍ፥ ግ.ሓ. 13፣32-43፥ ማቴ. 2፣19-ፍ።**

**ስብከት:** ናሁ ሰማዕናሁ በኤፍራታ፥ ወረከብናሁ ውስተ አመ ገዳም፥ ንበውእ እንከሰ ውስተ አብያቲሁ ለእግዚአብሔር። “አብ ኤፍራታ እንከሎ ሰማዕናዮ አብ በረኻ እንከሎ ረኺብናዮ፥ አብ አባይቱ ንእግዚአብሔር ክንአቱ ኢና።” ሎሚ ንአምላኽ ክንረኽቦ ከምቲ ንሱ ብምጽአት ሓደ ወዱ አብ መንጎና ዝሓደረ ምስኡ ክንከውን፥ አብ ኩሉ ዕለታዊ ሕይወትና ክንረኽቦ እሞ ንካልኦት አሕዋትና አብኡ ከም ዝመጽኡ ክንገብር ሎሚ እዋኑ እዩ። አብ ቤት አምላኽ ክንመላለሰ ገዛና ክንገብሮ። አፍደገ ልብና ክንከፍተሉ እሞ ምሳይ ውዓል ንዓ አብ ገዛይ እቶ እሞ መገድዳትካ ሓብረኒ ክንብሎ ዕዱማት ኢና።

ሰንበት ዘናዝሬት ዘሕጽነት እውን ይብሃል እዩ። እዚ ኸአ ኢየሱስ ነቲ ሕቡእ ሕይወቱ አብ ናዝሬት ዝዓበየሉን ዘሕለፎን ክሳብ ጥምቀቱ የዘኻኽር። መዝሙር “ኦ ጽዮን እቲ ንጉሥኪ ንውሉድ ወሎአዶ እዩ፥ እቲ ሰማያትን ምድርን ዝትስፈውዎ ዝነበሩ ናባና መጸ፥ ነቶም ዘገልግልዎ ብርሃን ኮነሎም ንሱ አኽሊል ሰማዕታት ሠያሜ ካህናት ዓንዳን ልዳታን ንቅድስቲ ቤተክርስትያን ኮነ፥ አብ ቤተልሄም ተወልደ አብ ናዝሬት ዓበየ፥ ንአበሳና ዘኪሩ አይመነነናን ደስታና ኮነ። ንሱ ከአ ኢየሱስ ክርስቶስ ክብሪ ቅዱሳን እዩ፥ ንእስነቱ አብ ናዝሬት አሕለፎ።” እናበለ ናይ ኢየሱስ ሕይወት ብፋላይ ንእስነት ብኸመይን አበይን ከም ዘሕለፎ ይነግረና። ምስ ማርያምን ዮሴፍን እናተአዘዘ ዓበየ ይብለና ትውፊት።

አብ ላቲናዊ ስርዓት ዝኽተሉ ድሕሪ ልደት ዘላ ዕለት ንቅድስት ስድራ ኢሎም ዘኪሮም የብዕሉ። ንሕና እውን ቅድስት ስድራ አብ ናዝሬት ካብ ስደት ግብጺ ክም ዝአተው እሞ አብኡ ከም ዝተቐመጡ በዚኸአ ናዝራዊ ከም ዝተባህለ አብ ኩሉ ጸሎታትና ዘኪርና ንጽሊ። ነዚ መሰረት ገርና ብዛዕባ ቅድስቲ ስድራን ናይ ኩለን ስድራታት ርክብን ናይ እዋና ርድኢት ስድራ ክነስተንትን። ቤተክርስትያን ካብ መጀምርትአ ብስድራቤት ትግደስ። መሰረት ናይ ኩሉ ስድራ ኢያ። ካብአ ቤተክርስትያን ትውለድ ካብአ ህዝቢ ይውለድ፥ ካብአ ዝተፈላለዩ ነገሥታትን መራሕትን ጳጳሳታትን አቡናትን ካህናታትን ይውለዱ። ብዛዕባ ስድራ ምሕሳብ ማለት ብዛዕባ መሰረታዊ ፍጥረት ሰብ ምሕሳብ ማለት እዩ። ስድራ እንተ ጠዓየት ጥራሕ እዩ ኩሉ ዝጥዒ። አብ ዓለም ደቂ ሰብ ዝያዳ አድህቦን ሓልዮትን ክንገብረሉ ዝግብአና አብ ስድራቤት ክኸውን እንከሎ አብ ኩሉ ለውጢ አሎ። ስድራቤት ክትብተን እንከላ ምጅማር ምብታን ሕብረተሰብ እዩ።

ሓቀኛ ትርጉምን እንታይነት ስድራቤት ክንርዳእ እንተ ደለና አብ ቅድስቲ ስድራ ክንምለስ አሎና። አብአ መምርሕን ክንፈልጠ ዝግብአና ግልጸት ንድስራ ዝርኢ ክንምሃር ንኽእል። አብ ቅድስቲ ስድራ ክንሓስብ ከሎና ዓቢ ሓገዝ አሎና። አብ ጸሎታትና ምእንቲ ሰላም አብ ስድራቤታት ከምኡ አብ መንጎ ፍቕርን አኽብሮትን ከውርድ ንጽሊ። አብ መጽሓፍ ሲራክ 3፣2~14 ዘሎ እንተ አንበብና እቶም ነብኦምን አዲኦምን ዘኽብሩ በረኸት ከም ዝዕደሉ ንርኢ። ቅዱስ ጳውሎስ እውን ሕሩያት ፍጥረት፥ ቅዱስ ህዝቢ አምላኽ ኢና ስለዚ ፍቕሪ ክንለብሰ ይግብአና ከምቲ እግዚአብሔር ዝደልዮ ሓድነት ድራ ክነመጽእ ምእትንቲ። ነዚ ኹሉ አብታ ቅድስቲ ስድራ ንረኽቦ፥ ማለት ሓልዮት፥ ፍቕሪ ሰላም፥ ተአዝዞ፥ ትሕትና። ልዕኪ ኹሉ አምላኽ ብርእሱ አብአ ስለ ዘሎ ቅድስቲ እያ፥ አብአ ዘይምርድዳእ ዘይምስምማዕ ክህሉ አይክእልን እዩ። አብ ስድራቤታት አምላኽ አብ መንጎ ክገብሩ እንከለው አብኡ ኩሉ አሎ። ብዙሓት ዝጽገሙ አብ ቤቶም አምላኽ ከም ዝህሉ ክገብሩ ስለ ዘይከአሉ እዮም።

ካብ መጀመርታ ሕይወት ቅድስት ስድራ እንተ ረኤና እምብአር ቅዱስ ዮሴፍ ንኹሉ ብአምላኽ ዝተባህሎ ብጸጋታ ሰሚዑ አብቲ ዝተባህሎ ይኸይድ ከም ዝነበረ ነንብብ። ስድራ ዋንኡ አምላኽ ክኸውን እንከሎ ቅሳነት ራህዋ አሎ። አብ ምምራሕ ስድራ ልኡኻት አምላኽ ምዃና ክንዝክር፣ እግዚአብሔር ዝዋንኡ ስድራ አብ ሓጎስ አብ ሰላም እዩ ዝነበር። አብ ስድራ ዝተፈላለዩ ህያባት አምላኽ ክንርኢ ንኽእል። አብ ስድራ ቤት ብድለትን መገድን አምላኽ ክምራሕ እንከሎ ዋላ እውን ጸገም ይጓነፍ አምላኽ ምስኦም ስለ ዘሎ ደቂ ተስፋ እዮም።

አብ ዓለምና ካብቲ ብዝያዳ ዝሳቐን ዝዋረድን ዘሎ ነገራ እንተሎ ሓደ ሓድነት ስድራ እዩ። ማለት አብ ኩሉ ስድራታት ክበታተና ኢኻ እትርኢ። ቅዱስ ቃልኪዳን አብ መንጎ ሓደ ሰብአይን ሰበይትን ብድላይ አምላኽ ዝአሰር ሎሚ ብኹሉ ክጥቃዕ ክጥሓስ ኢና እንርኢ። ቃል ኪዳን ከም ሓደ ቅዱስ ስርዓት ዝርአ ዝነበረ ሎሚ እዚ ተሪፉ ናይ ሓደ ባህላዊን ዓለማውን ጠባይ ለቢሱ አብ ስምዒትን ድለትን ሰባት ተወሲኑ ናይ አምላኽ ምዃኑ ተረፉ ናይ ሰባት ሕጊ ዝገዝኦ ኮይኑ ንርኢ። አብ ቅድም እዋን ሰበር ምዃን ዘሕፍር ዘሕንኽ ዝነበረ ሎሚ ከም ጅግንነት ተቖጺሩ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ንረኽቦ። ካብ ቃል ኪዳን ወጻኢ ዝግበር ስጋዊ ርክባት ዳርጋ ልሙድ ኮይኑ ይርኤ አብ ብዙሓት። ጸንሲ ዝከለኸል ነገራት ምግባር ንብዙሓት ከም ፍቑድ ተራእዩ ብዙሓት ስድራታት ንጥንሲ ነቲ አምላኽ ዝሃቦ ጸጋ ብናይ ሰባት መጋበሪ ክከላኸልዎ ርኡይ ኮይኑ ንረኽቦ። ትምህርትን መምርሕን ቤተክርስትያን ንጽንሲ ዝርኢ ተነጺጉ ከም ሳዕቤኑ ኸአ ሰባት ከም ሓደ አቕሓ ተራእዮም ናይ ገለሰባት ስምዒት ንምርዋይ ከም ሓደ ንዋት ዝርአዩሉ በጺሕና አሎና። ዘመና ነቲ ዝነበረ ሕጊ አምላኽ ሓዲጉ ንመርዓ ሓዲስ መልክዕን ስምን ሕግን ወግሔ ጸብሐ ክውጽኡሉ ንርኢ አሎና። ናይ ሰብአይን ሰበይትን ተራ ሎሚ ተቐይሩ እዩ አብ መራኸቢ ብዙኃን ከም ዝርአ ወለዲ ከም ደናቑር ወይ ዓያሹ ተራእዮም ኩሉ አብ ኢድ እቶም አፍልጦኦም ጸቢብ እምነቶም ውሑድ ዝኾኑ ንአሽቱ ብኹሉ ወዲቑ ንርእዮ አሎና። ኪዳናዊ ሕይወት አብ ገለ ናይ እቶም ድሑራት ኮይኑ ዝርአየሉ እዋን ኢና ዘሎና። ፍቕረይ ወዲኤ እናታባህለ ቃልኪዳን ክብተን ንርኢ አሎና። ሰብ ብፍርሃት አምላኽን ብምሕሓርን ዝሓልፎ ዝነበረ ሎሚ አነዶ እዚ እረክብ እብሃል እናተባህለ ንቃል ኪዳን ዘሕምሙ ውሑዳት አይኮኑን።

ኢየሱስ አብ ሓደ እዋን ክልተ ወይ ሰለስተ ብስመይ አብ ዝተአከቡ አነ አብ ማእከሎም አሎኹ ከም ዝበሎ አብ መንጎ ክልተ ሰብ ኪዳን አብ መንግኦም አሎ። አብ እምነትና ናይ ማሕብረሰብ መሰረት ስድራ እያ። አብአን ብአአን ኢየሱስ ክርስቶስ ርእሱ ይገልጸን አብ ዓለም ህላዌኡ ይገልጸልና። ክርስትያናዊ ስድራቤት አባላት ቤተክርስትያን ጥራሕ አይኮኑን፣ ሕይወቶምን አከያይድኦምን ናይ ክርስትና ርድኢት፣ ናይ ብዘይ ቅድመኩነት ፍቕሪ አብ ሓቀኛ ምትሕግጋዝ ዝተሰረት ናይ ማሕብር መግለጺ እዩ። ስድራ ብሕግን ድለትን አምልኽ ጥራሕ ክትምራሕ ከላ እያ ቅስንቲ ዕውቲ እትኸውን። አምላኽ አብ መንጉአ ዘይገበረት ስድራ ቤት ብዙሕ ፈተና አልአ።

ሕይወት ስድራ ክንብል ከሎና ተነጺልካ ምንባር ማለት አይኮነን። አብ ከባቢአ ዘሎ ናይ ዓለም ነገራት ሓጋዚ ከይከውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ሓንቲ ስድራ ምስ ካልኦት ሓቢራ ክትሕግዝን ክትሕገዝን አልአ። አብ ቁምስንአናን ምስ ኩላዊት ቤተክርስትያን ክትሓብር አልአ። አብ ኩሉ ተዋስኦታት ንዕብየት ሰባትን ቤተክርስትያንን አብ ዝግበር ክትሳተፍን አስተዋጽኦ ክትገብር እጃማ ክተበርክት ግድነት እዩ። ንናይ እዋና ክነታት ክንልውጥ እንተኾና እታ ቀዳመይቲ ተዋሳኢት ስድራ ክትከውን እንከላ እያ። ስድራ እንተ ሓመመት ሃገር እውን አብ ጉዕዞ ሕማም አላ ማለት እዩ። ንሓንቲ ሃገር እቲ ዝዓበየ ጥፍአት ፍቕሪ ስድራ ቤት ክጠፍእ እንከሎ እዩ።

አብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ዓለም በብሰባኹን ሃገረ ሰብከቱን ንኩነታት ስድራቤት መሰል ክሕሎን ከምኡ አብ ኩሉ ለውጢ ክመጽእ ምእንቲ ሓጋዚ ነገራት ይወጽእ እዩ ካብቲ ብዙሕ ጊዜ ዝቕርብ ሓሳባት ገሊኡ፣

- አገልግሎት አድሕድ። ፍቕሪ ክንብል ከሎና ነፍሲወከፍ ንኻልእ ክህብ እንከሎን ካብ ካልእ ክቕበል እንከሎን እዩ። ኣብ መንጎ ክልተኻ ክትተሓጋገዝ ኤእጃምካ ምግባር። ክትሕገዝ ክትሕግዝ ኣሎካ። ካብ ቅድስቲ ስድራ እንምሃሮ ሓደ ኣገልግሎት ኣድሕድ እዩ።

- ንምምሓር ስንድው ምኺን ከምኡ ዕርቂ ምድላይ። ንቕስሊ ምሕዋይ ከምኡ ንኹሉ ኣብ ልቢ ዘሎ ሕርኽርኽታን ስምዒታትን ምሕዳግ። እዚ ንኽትሰምዕን ክትካፈልን ስንድው ይገብረካ።ኣብ ስድራ ምምሕሓር ክህሉ እንከሎ ጥራሕ እዩ ኣብ ኩሉ ለውጢ ዝመጽእ። ሰይጣን ንዝተዓወተሉ/ላ ክንምሕር እሞ ኣብ መኣዲ ሰላም ክንምለስ ኣሎና። ኣብ ስድራ ምምሕሓር ዕለታዊ ሕይወት ክኸውን ይግባእ። መሓሩ ኽትምሓሩ እዩ ትምህርቲ መምህርና።

- ምስ ኣባላት ምሕበር ኮንካ ናይ ሰባት መንነትን ክብርን ከም ዝፍለጥ ምግባር፥ እንጻር ዓለትነት ወገንነት ምቅላስ ከምኡ ጥመት፥ ድኽነት፥ ግዳምሓደር ክጥፍእ ብሓባር ምስራሕ። ኩልና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ማዕረ ኢና ሓደ ካብ ሓደ ዝበልጸሉ ሓንቲ የብልና ነዚ መሰረታዊ ተፈጥሮና ዝጎድእ ክርእ እንከሎ ክነጥፍኦ ክንከላኸሎ ናይ ኩልና ሓላፍነት እዩ። ኩሉ ጥዑይ ትምህርቲ ኣብ ስድራ እዩ ዝጀምር። ስድራ ቤትምህርቲ መጻኢ ሕይወት እያ። ንደቅና እንምህሮ ኩሉ ናይ ጽባሕ ጠባይ ሕብረተ ሰብና እዩ። ንደቅና ጸቡቕ ክነምህሮም ኣብነት ክንኮኖም እንከሎና ሽው ዓወት ቤትና ኣዊጅና ኣሎና ማለት ኢና።

- ምስ ሰባት ኣብ ሓጎስ፥ ሓዘን፥ ኣብ ኩሉ ምስታፍ። ካብ ሰብ ዝፍለ ጸገም ዘልኦ ጥራሕ እዩ። ኣብ ናይ ሰባት ጉዳይ ምስታፍ ንኩነታትና ክቕይሮ ይኽእል እዩ። ብነፍሰይ እኽእል እየ ዝብል ግጉይ እዩ። ስድራኻ ቤተሰብካ ምኽባር ሰላም ይፈጥር። ኣብዚ ክንትንቀቐሉ ዘሎና ንወገንካ ክትሕግዝ እናበልካ ንካልኦት ከይትጎድእ ምጥንቃቕ። ወገነይ ዘይብል ኣይወለድ ከም ዝብሃል ወገንካ ብሓቂ ምስ ኣኽበርካ ሽው ንኻልኦት እውን ክተኽብር ኢኻ። ኣብ ቤትና ዘይበቖለ ፍቕሪ ኣብ ካልኦት ክነብቁሎ ወይ ክንርእዮ ኣይክኣልን እዩ። ንስድርኡ ዘኸብር ዘፍቅር ዝሓሊ ንኻልኦት ክሓሊ ኣይጸግሞን እዩ። ፍቕሪ እምብኣር ካብ ቤትና እያ እትጅምር። ኣብ ገዛ ፍቕሪ ዘይተማህሩ ውሉድ ሰኸም ኩሉ እዮም ዝኾኑ። እዚ ግን ተኣፋፍን ብቐሊል ኣብ ዘይተደለ መንፈስ ስለ ዝጥምዘዝ ኣዚና ክንስተውዕለሉን መንፈስ ኣምላኽ ኣቐዲምና ሰሪዕና ክንመርሖ ኣሎና። ሓደ ካብቲ ክበቑል ዝኽእል ሕማም ኣብ ስድራና ጥራሕ ተወሲና ናይ ካልኦት ኣይግድሸንን ኣብ ዝብል ንውሰን ሽው ወገንነት ዓለትነት ይበቁል ኣብ ብዙሕ ክፍሊ ዓለማት ብወገን ብዓለትነት ምኽንያት ኣሸሓት ዝሃለቁ ኣለዉ፥ ንኣብነት ኣብ ሩዋንዳ ብሩንዲ ኣብ 1994 ኣብ ሱዳን ኣብ ዳርፉር ሰባት ካብ ካልእ ዓለት ጥራሕ ብምኺኖም ይጽልኡ ይቕተሉ፥ነቲ ካልእ ካብ ካልእ ዓለት ወገን ብምኺኑ ጥራሕ ንሞት ይፈርዱ፥ ኣብ ገለ ኸእ ንኻልኦት ዘይምግዳስ ንወገንካ ጥራሕ ትግደስ ሽው ሕቂ ርትዒ ተጥፍእ። እዚ ዝዘፈኖ ሕብረተሰብ ኩሉ ጊዜ ኣብ ኲናት፥ ጽልኢ ቅርሕንቲ እዩ ዝነብር። ቤተክርስትያን ካብ መጀመርታ ነዚ ርኹስ መንፈስ ክተጥፍእ ምስተቓልሰት እያ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ሕማም ሕብረተሰብ እቶም ቀዳሞት ዝውጽዑ ስድራቤታት እዮም።

እዞም ዝተጠቕሱ ሓሳባት ገለ ካብቲ ብዙሕ እዮም ከምኡ እውን ሓባራዊ መምርሒ እዮም። ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ከም እንዕዘቦ ካብ ጉድለት ጽርይቲ ሰበኻ ወይ ቤተክርስትያን ኣላ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ኩሉ ጊዜ ድኽመት ጌጋ ኣሎ። ገለ ኣብያተ ክርስትያናት ዝበለጸ መምርሕን ኣካይዳን ኣለወን ገለ ኸእ ኣብ ጉዕዞ ኣለዋ ገለ ኸእ ዘይፈተና ኣለዋ። ኣብ ሕብረተሰብ ገለ ሓገዝ የወፍያ ገለ ኸእ ሓገዝ ይቕበላ። ኩልና ኣብ ሰላም፥ ሓድነት፥ ዕርቂ፥ ምትሕቝቓፍ፥ ከምኡ ሰላም

ዘልኦ ማሕበረ ሰብ ክህልወና ንደሊ ኢና። እዚ ኽውን ክኸውን ኩልና ብሓደ ኣብ ትሕቲ መምርሕን ግልጸትን ናይ ቅድስት ስድራ ማለት ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ምስ እንሰርሕ ጥራሕ እዩ። ኣሕዋት ክርስቶስ ደቂ ማርያም ዮሴፍን ኢና እናበልና መንፈሶም ክንለብስ ከሎና ጥራሕ ኢና ቅሱናት እንኸውን።

ንቅድስቲ ስድራ እንተ ተዓዚብና ነፍሲ ወከፍ ኣባላ ብምሉእ እምነትን ተወፈይነትን ከገልግሉ ኢና እንርኢ። ካብ ምጽራብ ክሳብ ናይ ገዛ ኣገልግሎት ኩሉ በብወገኖም ከበርክቱ ኢና እንርኢ። ንሕና ከመይ ገርና ንኣብነት ቅድስቲ ስድራ ተኸቲልና ንስድራና ንመርሕ። እዚ ክንገብር ኣብ ስድራና ስሩዕ ኣገባብ ክነተኣታቱ ኣሎና ንሱ ኸኣ ስነስርዓት፥ ተኣዝዞ፥ ትዕግስትን፥ ናይ ስራሕ ጥቕምን ኣድላይነትን ከነተኣታቱ ይግብኣና በዚ ኸኣ ቀዳሲ ጸጋ ከም እንረክብ ከም ንኽእል ክንርዳእ ኣሎና። ስድራ ነዚ ኹሉ ብሓደ ጠርኒፉ ክትሕዞ ትኽእል ብሓባር ብምጽላይን፥ ምምጋብን፥ከምኡ ብሓባር ብምዝንጋዕን ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ስድራ ሰላም ምጽውዋር ክህሉ እንከሎ ብሩሕ ተስፋን ቅሳነትን ብቐሊል ክርአ ይኽእል። ኣብ ስድራ ብብዙሕ ብሓንሳብ ክግበር ዝግብኦ ነገራት ኣሎ ብፍላይ ክልተ ሰብ ሓዳር ብሓደ መንፈስን ምርድዳእን ተኣማንነትን ክነብሩ ኣልኦም። ሓደ ካብ ሓደ ዝሓብኦ ነገር ክህሉ ኣይግባእን። ኣብ ነንድሕዶም ዘልኦም ሓልዮት ቀጺሉ ኣብ ወሉዶምን ከምኡ ኣብ ቀረባ ቤተሰቦምን ክመሓላለፍ ኣልኦ። ኣብ ሓዳር ኣግፊሕካ ንእንተ ዘይረኣኻ ኣብቲ ንኣኻ ጥራሕ ዝጥዕም ጠሚትካ እንተ ርኢኻ ዳርጋ ኣብ ጸላም ከም ምንባባር እዩ። ኣብ መንጎ ምጉርራሕ እንተሎ ኩሉ ጊዜ ዘይምትእምማን ኣሎ ቀጺሉ ኸኣ ምክሕሓድ ክመጽእ ብሩዕ ኣይኮነን ስለዚ ወለዲ ኣብ ነንድሕዶም ምሉእ ምትእምማን ገሮም ስድርኦም ክመርሑ እንከለዉ ጥራሕ እዩ መንፈሳውን ስጋውን ዓወት ክርከብ ዝክእል።

እምብኣር ኣብዚ እዋናት ልደት ኣብ ንዝክረሉ ዘሎና ጊዜ ብዝያዳ ኣብቲ ሓቀኛ ስድራ ዝገብረና ናይ ፍቕሪ መኣዲ ኣብ እንእከበሉ እዋን ብምሉእ ክንካፈል ይግብኣና ንሱ ኸኣ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን እዩ። ኢየሱስ ዝተወልደ ሥጋና ዝለበሰ ንሕና ሕይወት ምእንቲ ክንረክብ ብሕይወትና ብቕድስናኡ መታን ክባርኸና ምእንቲ እዩ። ንሕና ንመስዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ሓዲግና ኣብ ወዋኒና ንኸይድ ኢና እንተኾነ ቅድስት ስድራ ኩሉ ጊዜ ኣብ እዋናት ልደት ኣብቲ ምንጭና ዝኾነ ኣምላኽ ክንምለስ ተዘኻኺረና። እቲ ኣጸጊሙ ዘሎ ንሕና ኣብቲ ምንጭና ዝኾነ ክንምለስ ክንደይ ጻዕሪ ከም ዘድልየና ዘይምፍላጥና እዩ፥ ኣብ ገለ እዋን ነቲ መንገዲ ምስ ረኺብናዮ ኣይንደልዮን ከምኡ ዝኾነ ሰብ ክርእየና ኣይንደልን። ብዙሕ ከሰክፈና የብሉን ብዙሕ ጊዜ ከምኡ እዩ ባሕርና ኣምላኽ እውን ኣብ ከምኡ ከሎና እዩ መጺኡና እሞ ሎሚ እውን ተስፉ ከይቆረጽና ኣብቲ ምንጭና ዝኾነ ክርስቶስ ብማርያምን ዮሴፍን ኣቢልና ንመለስ።

ኦ ኢየሱስን ማርያምን ዮሴፍን ኣባል ስድራኹም ግበሩኒ ንስድራይ ንሓዳረይ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክመርሕ እሞ ኣብ ጉዕዞ ቅድስና ክምርሽ ረድኤትኩም ሃቡኒ። ንኹላ ካብ ምፍቃር ስድራይን ከማይ ዝበሉ ሰባት ዝኽልክለኒ ጥሒሰ በቲ ፈቃር መገዲ ክጉዓዝ ሓይሊ ሃቡኒ። ኣብ ኩሉ ሰላም ሃቡና ኣብ ኩሉ ሓድነትን ፍቕርን ዝሰፈና ደቂ ሓንቲ ቤተክርስትያን ኮና ክንጉዓዝ ብፍላይ ኣብ ዝደኸምናሉ እዋን ሓግዙና። ኦማርያም ብፍላይ ንስኺ ኣደ ኢኺ እሞ ሎሚ ኣደ ኹንና። ፍቕሪ ወድኽን መገዱን ሓብርና ንበላ። ኣምላኽ ብኹሉ ጸግኡ ስድራቤታትና ይባርኽ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ